


# ምስጢር ዓወትና ?

ሓደ ሰውራዊ ውድብ ወይ ግምባር ፡ ዕላምኡ ክወቅዕን ኣብ ናይ መወዳእታ ሾትኡ ክበጽሕን ሰረ-ተሓሳቡን መርሓኡን ብግቡእ ክንጸባርቕ ይግባእ ፡ መትከላዊ ዕላማታቱ ንጹርን መርሒነቱ ቅኑዕን ምስዝኸውን ድማእዩ ምዕቡል ጉዕዞ ዝኸይድን ዓወታት ዝሓፍስን ፡ ምግላጽን ምንጽብራቕን መትከላዊ ዕላማ ክኣ'ዩ ፡ ነቲ ቃልሲ ብዝሰፍሐን ዝዓሞቐን መንገዲ ተሳታፍነት ሓፋሽን ዘዕብዮ ፡

ኣብ ሃገራዊ ናጽነት ክብጽሓና ዝኸኣለ ምስጢርን ፡ ንሃገራዊ ናጽነት ክንዕቅብን ፡ ቁጠባዊ ሓርነት ክንድልብ ፡ ሞኒተር ኮይኑ ምኣዝንና ክይስሓትና ፡ ኣብነት ናይ ኣፍሪቃን ስሉስ ዓለምን ክንከውን ዘኸኣለነና ፡ ቀንዲ ሕመረት መንፈሳዊ ቃልስና ፡ ኣእዕሚ.ቓ እተብርህ ኣብግዜ ቃልሲ ትዝመር ዝነበረት እስከ ሓቢርና ንርኣያ'ሞ ክሳብክንደይ ርውየት ከምዝስምዓናን ፡ ኣበይ ከምዘለናን ከመይ ከምዘለናን ነብስና ክንግምግም ንኽእል ፡

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ፡ ማዕረማዕረ'ቲ ፡ ግብራዊ ርእየት ተሞኩሮ ፡ ንመርሒነት እቲ ቃልስን ፡ ግምባርን ዘጉልሑ ዝምስክሩን መዛሙርን ደርፍታትን ድራማታትን ቀሪቦም እዮም ፡ < ውድብና ትብል መዝሙር > ሓንቲ ካብኣን ብማእከላይ ክፍሊ ባህሊ እተዘመረት እንተ ኣቕረብና እዚ በጸሒናዮ ዘሎና መድረኽ መንገዱ ዝያዳ ክተብርሃልና ዝቐለለ ኣብነት ኮይኑ ይስምዓኒ ፡

**ውድብና**

ገጽና በሪሁ
ድምቀት ወሲኹ
ኣብኩሉ ኩርንዓት ምድርና
ፊተ-መሪሕ ኮይና ውድብና ፡

ፍትሒ ነጊሱ
ዓኟይ ሓሪሱ
ህዝባዊ ስልጣናት ለምሊሙ
ልዕልና ተባዕታይ ኣክቲሙ ፡

ውድብና ህዝባዊት ውድብና
ውድብና ዓንዲ ተጋድሎና
ውድብና ዋልታ ኤርትራና
ንሳ እያ ሓንትን ወካሊትን ጉዳይና ፡

እነና ንቃልሲ በቒዕና
እነና ኣብጎነጽ በሊሕና
እነና ሴፍና መሊሕና
እነና ተቢዕና ንክብሪ ንውፊ መሪሕና ፡

ንቕሓት ዓጢቕና
ሓቅነት ጨቢጥና
ናይ ዓለም ሓያላት ገጢምና
ሜዳና መሰረት ጽንዓትና ፡

ድሕረት ክንቀብር
ጥሜት ክንሰግር
ሕማማት ክፍወስ ጽዒትና
ከብቅዕ ዘመን ድንቁርና ፡

ሃገርና ክህነጽ ፍራሳ
ሃገርና ጸጋ ክሕፈሳ
ሃገርና ዕብየት ክወርሳ
እቲ ፋሕተርተርና
ርእሰ-ምክኣል'ዩ እምነትና ፡

ውድብና ፡ ንዘይዘርግ ሰላም
ውድብና ፡ ንዘይነቅጽ ለምለም
ውድብና ፡ ንዘይጠፍእ ብርሃን
ትቃለስ ክሳብ ሃገር ትሕደስ ፡

ኣቱም ሰባት ፡ ሓቂ ከም ምቁር ኣልማዝ ናብ ኩሉ ኩርንዓት እያ እትበርህ ፡ ንላዕሊ ንታሕቲ ንየማን ንጸጋም ፡ ብማዕረ ትደምቕ ፡ ከፈላዊ ሓቂ ግን ምሉእ ኣይኮነን ፡ ንኹሉ ምኣዝናት ድማ ኣይውክልን እዩ ፡ ውድብና ግን ኩሉ እያ ፡ ፈተ-መሪሕ እያ ፡ ንጁጅ መጁጅ ቀቢራ ፡ቅኑዕነት ምዕሩይነት መርሓ ብምንጋስ ንፍትሒ ኣንጊሳ ፡ ድልየት ሓፋሽ ብነቕ ዘይብል ዱልዱል ዝሰረቱ ኣደራሽ ናጽነት ነዲቓ ፡ ንንቕሓት ኣቐዲማ ፡ ንግብራውነት ከምኣብነት ንቐደም ንባዕላ ከምገንሸል ሞባእ ትውፊ ፡ ስለዝኾነ ናይብሓቂ ዕድለኛታት ኢና ፡

ናብ ህዝቢ ዝቐንዐ ጎስጓስን ኣስተምህሮን ፡ ብተኽሊ እዩ ተመሲሉ ፡ ምልምላም ድሕሪ ምትካልን ምጽዳቕን እዩ ዝስዕብ ፡ መሬት ዝተቐበሎ ተኽሊ ድማእዩ ዝለምዕ ፡ ውድብና ህ.ግ ክኣ በቲ ቅኑዕ መትከላታ ፡ ንነብሳ በጃ ፡ ንህዝባ ስለተቐድምን ፡ ኣብኩሉ ኩርንዓት ጠጢዓ ለምሊማ ፡ እቲ ዓኺይ ሓሪሱ ዝብል ነቲ ኣርእሰተነገር ዝያዳ ዘህጥር ኣገላልጻን ፡ ልዕልና ወዲተባዕታይ ኣኽቲሙ ፡ ምስ ዝብል ነግሒ ወሲኽካ ክኣ ዝያዳ ኣብፖለቲካዊ ሽነኽ ኣተኩሩ ፡ መስፍናውን ኣባታውን ጭኮና ኣብቂዑ ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ከምዝነገሰ እዩ ዘጉልሕ ፡

ልዕልና ወዲተባዕታይ ብጎነጽ ዘይኮነ ብንቕሓት እዩ ዝውገድን ዝስዓርን ፡ ስለዝኾነ ድማ ፡ ንቕሓት ብቕኑዕን ክዉንን መርሓ ሓንሳብ እንተድኣ ተተግቢሩ ፡ እቲ ዘይነጽፍ ዕጥቂ እዩ ፡ እዚ ዕጥቂ'ዚ ፡ ዕጥቂ ሓቂ ፡ ዕጥቂ ተስፋ ፡ ዕጥቂ ጽንዓት እዩ ፡ ሓፋሽ ምስ ነቕሐ ይውደብ ፡ ይቃለስ ክኣ ፡ ቃልሱ ብግብሪ ኣብ ሜዳ ይምስክር ፡

እቲ ኩሉ ግዜ ጸላእትና ምስ ርእሰ ሓያላን እናተመሻጠራን እናኸደማን ፡ ንስዕረተንን ዕርበተንን እንተዘይኮይኑ ትሓሊለን ክጻረጋና ዘይክኣላ ፡ ምስጢራዊ ሓይልና እምባኣር እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ እዩ ካልእ መሎኮታዊ ሓይሊ ዝደረብናዮ የሎን ፡ ሓይልና ሓይሊ ውዱብ ህዝብን ፡ ንቘሕን ውፉይ መርሒነትን እዩ ተወፋይነትን ጽንዓትን ብንቕሓት ስለዝጥረ ፡ ተጠርዩ ግብራውነቱ ዘመስከረ ሓቂ እዩ ፡

ውድብና ክኣ ነዚ ንምብራህ እያ ሽጋ ወሊዓ ፡ ፋና ብርሃና ንዘንተዕለት እናበርሀን ብርሃን እናዓደለን ዝነብር ዘሎ ፡ ስልጣነ ብንቕሓት እዩ ዝጥረ ፡ ደርቅን ጥሜትን ብስራሕ እዩ ዝስዓር ፡ ጸላእትና እውን ኣብዚ ሓጺናዊ ሞኽሕ ሓድነትና ኣትዮም እዮመ ዝጥሓሉ ፡ ድሕረት ድማ ፡ ዓኺይ ምስሓረሰ ፡ ስልጣኔታት ምስለምለመ'ዩ ዝጠፍእ ፡ ጻዕሪ መደያይቦ ናብቲ ክትበጽሖ እትሓልሞ'ዩ ፡ መሰጋገሪ ድንድል ፡ ብጻዕርን መንፈስ ስራሕን ወኒ ግስጋሰን መመሊሱ ዝድንፍዕ ፡ ናብ ነጥቢ-መቐይሮ ዘብጽሕ ፍኖተ-ደርማስ ሓይሊ እዩ ፡

ንቕሓት ንቐድሚት ዝመርሕ ሓይሊ ቀስቲ'ዩ ፡ ቀስቲ ብርሃን ፡ ብርሃን ኣብ ኩርንዓት ልምዓት ፡ ፍልጠት ፡ ማዕርነት ፡ ወዘተ... ፡ ንቑሕ ኣእምሮ ንስራሕ ድልዊ እዩ ፡ ነቲ ብጎነጽ ዝፈረሰ ይሃንጽ ፡ ዝተነቕለ ይትክል ፡ ዝወደቐ የልዕል ፡ ባህርያዊ ጸጋታቱ ይፍትሽ ፡ ንረብሓ ህዝቡን ሃገሩን ድማ ምህርቱ የውዕል ፡ ንምዕባለ ድማ ይግስግስ ፡

ናይ ዘመንና ጎይቶት ዓውላማ እዚ ዓይነት ኣትሓሳስባ ፡ ወይ በዚ ንቑሕ ኣትሓሳስባ ንነብሱ ዝውጅህ ህዝቢ ኣይፈትውኦን እየን ፡ ከምታርጌት አውኳድኣ ቀዳምነት ዝሰርዕኦን ፡ ሕሉፍ ሓሊፈን ንክበታትንኦን ከጥፍእኦን ተንኮላት ክፍሕሳ ከይደቀሳ እየን ዝሓድራ ፡ ንሓሳበን ዘተግብሩ ፡ ሕልንኦም ዝሸጡን ብዋጋ ደቂሰባት ክነብሩ ዝደልዩን ከደምትን ናይከደምቲ ከደምትን ኣይስእኑን እዮም ፡ ዓርኪ ሰባርሲ ነቓዕ

ከምዝብሃል ቀልጢፎም ክኣ የለልይዎም ፡ ኤርትራና ግዳይ ናይእዞም ኣበሳ ለምናን ማሕጎዳ ሕሰምን ምኚና ፡ ዝገርመና ኣይኮነን ፡ እቲምንታይሲ ብዝኣጎድዎን ዘሳውርዎን ሓዊ ከምወርቂ ተፈቲንና ሃጢርና ዝዋጻእና ህዝቢ ስለዝኾንና እቲሕመረቱን ምስጢሩን ግን ፡ ካብ ቀንዲ ዓይኑ ዝዛሪ እዩ ፡ ንሳ ክኣ ውድብና እያ ፡ እታ እንኮን ሓንትን መተካእታ ዘይብላ ውድብና ህ.ግ ፡ መኸንያቱ ፡ ሃገር ብዝተማልአን ዝተማእከለን መንገዲ ክትጉዓዝ ቅኑዕ መሪሕ ስለዘድልያ ፡ ውድብና ድማ በዚ ንቑሕ ጉዕዞ ፡ ትቕልስ ፡ < እቲ ቅድም ካብ በረኻ ንከተማታት ካብ መግዛእቲ ሓራ ንምውጻእ ትቃለስ ዝነበረት እሞ ዝትዓወተትሉ ፡ ሕጂውን ፡ መቓምጦ ሶፋ ከይብሃገት ንህንጸት ሃገር ካብ ከተማታት ብበረኻታት ሃገርና ቁጠባዊ ሰራሕ ምጅማራ ዝኣተወቶ መብጽዓ ንኸይትጠልም እዩ ፡

ናይ ርሑቕ ዕላማታትን መድረኻትን ሃገርና እንሆ በርሃው ኢሉ ንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ ፡ እቲምንታይሲ ዕብየት ካብተጻባይነትን ምጥዋርን ተላቒቕካ ነብስኻ ብእትኽእለሉ መንገዲ ጉዕዞኻ ምግስጋስ'ዩ ፡ እቲ ቅኑዕ እምነት ክገብር'የ እኽእል'የ ኢሉ ኣብስራሕ ዝጸምድ ብቕዓትን ክኢላዊ ዓቕሚ ናይ ዜጋታት ኣማዕቢልካ ፡ንሃገር ርእሳ ዘኽእላ ዋሕስ ምህናጽ ስለዝኾነ ጻዕርና ፡

ዘሕለምልም ብርሃን ንመድረኽ ብግቡእ ኣየንጸባርቖን ፡ ዕላማ ውድብና ንንጽሁን ዘይብለልን ሰላም'ዩ ፡ ምሉእ ሰላም ፡ ነባሪ ሰላም ፡ ሰላም ሓንሳብ ተወሊዳ ዘይትመውት ፡ ሰላም ዘይትቐጥንን ዘይተሕለምልምን ናይ ብሓቂ ብሂወት እትነብር ሰላም ፡ ሰላም ብእትፈጥሮ ጉዕዞ ዳግመ ህንጻን ልምዓትን ፡ ምክልኻል ሃገርን ወትሩ ዘየቋርጽ ለምለም ጠሊ ፡

ግዝያዊ ልምዓት ግዝየዊ መድረኽ እዩ ዝውንን ፡ ናይዘልኣለም ጠሊ ግን ብንቕሓት እዩ ዝትከል ፡ ስለዚ ፍኖተ ወድብና ሓንሳብ በሪሁ ዘይጠፍእ ፡ ብኣእዕጽምቲ ጀጋኑ ዝተባዕጠ ፡ ብድርብ ኪዳን ንህላወን ንህንጸትን መኸተ ዝጨበጠ ውድብ እዩ እናበለት ፡ እዛ መዝሙር ምስጢራውነት ውድብናን ዓወትናን ትገልጾን ፡ ዓወትና ናይግድን ምኚኑ እተብርሆን ፡

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡

ዓወት ንሓፋሽ !